# ፋሕ-ብትን ኢሉ ህዝብና ኣትይዎ ዝሮምሮ!!
# ዘጕህን ዘሕዝንን'ዩ ንዘለዎ ኣእምሮ!!

ገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን (ቆርጪ) ጀርመን : 14 ጥቅምቲ 2009 ዓ.ም.

ኣቱም ብዲሞክራሲያዊ ኪዳን ትምድሩ
ህዝብና ሓሲምዎ እምብዛ ኣማሪሩ
መግዛእቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. እምብዛ ዓርዒሩ
ንህዝብና ኣየድሓንክምዎን ካብ ሽጉሩ
ኣርዑት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከቢድዎ ጸሩ
ብልሓቱ ጠፊኡና እንታይ ኢዩ ነገሩ
ህግደፍ ድኣ ከይሀሉ ኣብ ሞንጎኹም ተቐርቂሩ
ኣብ ኩሉ'ዩ ዝሰሉኽ ቀያይሩ ሕብሩ
ሰሊኹ ከይህሉ ሰዲዱ ሰራዉሩ
ካብ ሕጂ ይፈተሽ ይዉጻእ ተበርቢሩ
ደቦኽና ጕሕፍና ክንበልዖ መዓሩ
ዝጠመዩ ክዕንገሉ ክማሙቑ ዝቁረሩ

ቁሩብ እባ ከም ሰብ ተሰከፉ
ስድራቤታት ብሓለንጊ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. እንዳተገርፉ
መንእሰያት እንዳተረሸኑ እንዳተቐዝፉ
ይኣኽለኩም እባ ለብሙ ግደፉ።

ሸፋቱ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክሳብ መዓስ ክዕንድሩ
ህዝቢ ንኽተድሕንዎ እንዳተጸበየኩም ንሰማይ ኣንቃዕሪሩ
ክሳብ መዓስ ክትማናጨቱ ክትባሓጀሩ
ትጽብታት ህዝብና ሞራሉ ተሰይሩ
ኢሳያስ ጥራሕ ኣይኮነን ተሓታቲ ነብስኹም መርሞሩ
ኢሳያስ'ሲ ካብ ቀደሙ ንጥፍኣትና'ዩ ተዋፊሩ
ከጽንተና ብናይ ተንኩል በትሩ
ተሳኒኹም ኣሕጽርዎ ዕምሩ
ፋሕ ዘበልክምዎ ህዝቢ ኣብ ሓደ ጥመሩ
ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮኹም ተማሃሩ።

ኣብ ጽሑፋትካ ጽላል: ተቓወምቲ'ዩ እንዳበልካ
ንሓዳ እንዳሓቖፍካ ንሓደ እንዳዋሰንካ
ንቂምታ እንዳላዕጠጥካ ንተንኮል እንዳጠኛእካ
ንነብስኻ እንዳጸባበቕካ
ንካልኡት እንዳናኣኣስካ
ጉዕዞኻ ኣይግድን ኣርሞ ጌጋኻ።

ንዉልቃዊ ቅርሕንታቶም ኣብኪዳን ክጥቀሞሉ
ንከማኻቶኩም ተቃለስቲ ካራኹም ኣይትስሓሉ
ንህዝብና ኣይተዳኽምዎ ሞራሉ
ይኣኽለኩም ሕጅስ ህዝብኹም ኣይትብድሉ
ኪዳንዉኳ ኣይኮነን ናይ ዉሱናት ተኂሉ
ጽላል ተቓወምቲ'ዩ ብሓባር ናይ ኩሉ
መንዩ ዋና ኮይኑ ንኻልኦት ዘዋስነሉ
መንዩ ንመን ክዋራዝየሉ

ንሕሉፍ ተመኩሮ'ኹም ግዳ ዘይትመሃርሉ።

ንዑ ደአ ሕጂስ ተመከሩ ለብሙ
ህዝቢ ተጻቢ.ይኩም ብዙሕ ተጸሚሙ
ጥርናፌ'ዩ ዓወት ብሓባር ሰጉሙ
ፍለይዎ ስዓዑ ስገሙ
ዕንቅፋት ምስ ዝህሉ ይኺድ ምስ ሕማሙ
ንህዝብ'ኹም ኣድሕኑ መብጻዓ'ኹም ኣይትጥለሙ።

ብሰልጣን ዉድድር ዓ'ኽትጡፍ በሎ
ሃገር ከይድሓንካ ብስልጣን ክትልሎ
ሕድገታት ጌርካ ንለዉጢ ተዳሎ
ታኣማሚንካ ተቃለስ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ንክዕሎ
ኢ.ደይ ኢ.ድካ ኢ.ልካ ካብ ሱሩንቐሎ
ጸቢብቶ ከላ ኣይትሃቦ መድሎ
ቀዳማይ ጸላኢ ኣብ ቅድሜ'ኻ ከሎ
ጸረ-ሰላም ጻሕታር ዉግእ ባህርያቱ ዝዓደሎ
ብዉድባዊ ትምክሕቲ እምብዛ ኣይትጸሎ
ብስልጣን ኣይትዕበድ ከላእ ትጸለሎ።

*ገ/ ሚካኤል ሃብተጽዮን (ቆርጨ) ጀርመን : 14 ጥቅምቲ 2009 ዓ.ም.*

. . . . . . . . . . ይ ቕ ጽ ል . . . . . . . . . .